# እንታ'ዩ ትርጉሙ የዒንቲ እንዳነብዓ

ብጴ.ተ.(ሓላዩ) 23-05-2009

ቀጢን ንብዓት ወረር እንዳበለ
ትዝታዳዩ ጓሂ ናባኹም ዘበለ
ተሰሪቑ መብጽዓኹም፤ ዘይኮነኳ ንዓኹም
ሲኢንናዮ ጻማኹም፤ ብኻ ኔርና ከማኹም፡

ብሂራት መሰል ምስ ተዘርዓ
እንታዩ ትርጉሙ የዒንቲ እንዳነብዓ
ማእሰርቲ መቕዘፍቲ ስደት በዚሑ
ስልማትና ማዳ ምዕጉርቲ ነዚሑ፡

ገጽ ተአሲሩ ተደዊኑ መልክዕ
ቕጥዒ ተሳኢኑ ዝዕቕን ብልክዕ
ብነውራም ቃላቱ ምዕሩጋት ዘበክዕ
"ሓንቂቕም" ናበለ ብህዝቢ ከውግዕ፤

ነጻነት ብዓይኒ ፍትሒ ዕድል
ብዓይኒ ግፍዒ ግድል
ፍትሒኸ መሰልያ ንኹሉ ድልድል
ዓገብ! ኢላ ትገንሕ ሓደ ከይብድል፤

ንርኣዮሞ ነጻነት ብዓይኒ ሰብኣዊ መሰል
ደባሲት ሕዙን ከይክደን ከሰል
ትብልወ መን ካን መን በሊጹ
ተቃልዮም ሕጊ ዘይመርጹ፤ቅኑዕ ዝጉዕጽጹ፤ንሓቂ ዘረግጹ፤

ኩሉወዲሃገር ክብሪለዎ ዋጋ
ዘይሽየጥ ዘይልወጥ ዘይወርድ ዕዳጋ
ክፈልጥ ተማሂሩ፡ ክራቐቅ ተመራሚሩ
በልስከ ርኣዩ ራህዋ ብዙሓት'ዩ ሚስጢሩ፤

ምዓልቲ ነጻነት ወርሒ ጉንበት
ጥሒስኪ መጺኺ ዘይትገር ዓቕበት
ብሓጎስ ክንፈልጥ 'ቲ ዝግበር
ግሉጽነት ክህሉ ዘይሸፈን ብገበር፤

እንቛዕ ነጻነት ሃገርና ክንርኢ በቓዕና
ሳላ ሰማእታትና ሳላ ስዉኣትና
ኣነ ግን ሕርቃን ኣሎኒ ነድሪ
ዘይምትግባሩ'ቲ ሕድሪ

ጊዜ ነጻነት ተወልደ ኅቢዙ
ተቀባሊ ሕድሪ ደንዚዙ ፈዚዙ
‘ታ ሽዓ ተወልደት በጺሓ ኅርዞ
ጸልሚታታ ዓለም ዳር ትፍዘዞ፤
እታ ድልድል መሳገሪት ፍልጠት
ተሓምሺሻ ዓይኒ ዑረት
መዓርግ ልቅነት ተቀይራ ካኪ
በስገዳድ ዕስክርና መንእሰይ ክበኪ፤
ስለቶም ዘይረኽቡ ንቡር ቀብሪ
ብምጥላሙ ዝሃብዎ ሕድሪ
ሕርቃን ኣሎኒ ነድሪ፥ ዘንገርግረኒ ኣብ ምድሪ
ዘእውየኒ ለይቲ-ቐትሪ፥ ሃየ መክት! ዝብለኒ ብትሪ፤

ነበር ካብ መረጸ ካብ መናበሪ መናገሪ
ንመላኺ ዓገብ ምባል ምዓስ ኮይኑ ነውሪ
ዘገርምዩ! ሓኽሊድሙ ካብ በለ ኣነ ነብሪ
ኣቲ ሃገር ከቢርኪ ክትነሪ ፡ ሓዲኡ ግበሪ፤

ሃገር ንወዲ ሃገር ኢዩ’በሪ
ብነጻነት ከቢርኪ ንበሪ
ንግምጃ ሰላሚኺ ኣብ መሬት ኣብ ምድሪ
መርሓባ በልዮ ክፈትዮ በሪ፤

ምዓንጣ ዘይቆጸረ ዕሽል ቆልዓ
ንስደት ኣምሪሑ ሂቡ’ንግድዓ
ስርዓትን ህዝብን ከብድን ሕቆን
ዓመጽ ኮይኑ ሕጎም ዝበጦን ደስቆን፤

መንእሰይ ተናዊጹ ብግፉ
ኣስገዳድ ዕስክርና ኮይንዎ ሓለፉ
ኣጻብዑ ክንዲ ብርዒ ቃታ ክትስሕብ
ብዘይ ጻማ ርሃጽ መለኽቲ ከተኽስብ፤

ገደብ ዘይብሉ ዓመታት ዕስክርና
ክፈርያ ዝግብአን ማህጸን ምስ መኽና
የሕዋቅትና ብዓመጽ መሪርወን ምስመነና
ግዳይ ኣራዊት፣ ግዳይ ሑጻ፣ ግዳይ ዓሳዶ ኸይኮና፤

ክንደይነብሳት ክየን “ኮብሊለን” ተባሂለን ተረሸና
መንእሰይና መዛዘም ትምህርቱ ዕስክርና
ህዝብና መስርዕ ባኒ ምስ ልመና
ኣብ መሳጊድና ቤተክርስትያንና ካድርዩ ምእመና፤

ጉቦ ስርቂ ሽርሒ ሓሶት ምንዝርና
መቦቆል እከይተግባር ምስኮነ ማዕከና
ከም ሹምዘይብሉ ንህቢ ዝሰአነ ዋና
ካብ ሕማኽ ናብ ክፉእ እንዳተሸመምና
ከመይ ዲዩ ነገሩ ትርጉም ነጻነትና?

ኦ! ሰላም ብስምኪ ክንደይ ግፍዒ ትጌሩ?
ሕጊ-ኣልቦ ኾንኪ ሕገመንግስትኺ ተሓይሩ
ዋላ ከምእንደነገሩ ቅዋም ኤርትራ
ክልተ ሓሙሽተ ሓሊፍዎ ተራ፡

ክልተሓሙሽተ ሓሊፉስ ኣርባዕተ ሓሙሽተ
ንጥፍኣት ህዝብና ምጽናት ዝሸወተ
ተኣሲሩ'በር ወጽዩ ከይሰማዕና
ባዕልኹም ምዘኑ ትርጉም ነጻነትና፤

ፍርዲ ኣይንኪ ምሕረት ኣይህብ
ኩሉ ጊዜ ጃህራ ንጹሃት ክኽዕብ
ብኩናት ወረኩናት ሃገርዶ ትዕንብብ
ሓደራኹም የሕዋት ትርጉም ነጻነት ነንብብ፤

ነጻነት ባህጊያ ቅድም ዝተኸልአ
ዓወትያ ነቲ ስሌኣ ዝተሰውአ
ስዕረትያ ነቲ ደምዘንብዐ
ፍኹሰትያ ንመብጽዓ ዘዘንብዐ፡

መሰረትያ ሰረት ጽቡቕድላይ
መቓልዒት ተለልዮ ኣንበላይ

ትንቢትያ ጸጽቡቑ ትምነ
ጉሓፊት እከይ ዕንቅርቢት ተመነ

ስኒትያ ፍቕሪ እትልግስ
ንሰማማዕ ትብል ሓቢርና ክንግስግስ

መቓልሒያ ሰናይ ትደጋግም
ዘዋጽእ ትመክር ሓቢርና ክንግምግም

መፍትሒያ ፍታሕ ኩሉ ግድል
ፈሊያ ዘይብሉ ማዕረ ተደላድል፤

ኮታ ኩሉ ጽቡቕ ትውክል ነጻነት
ሃይማኖት ተኸብር ዘይትኣቱ ኣብ እምነት

ትፈልጥ'ወ ሃይማኖት ብሕቲ
ሃገር ግን ናይኩሉ ኣይፋልካን በሓቲ፡

ኩሉያ ነጻነት መሰል ምስ ማዕርነት
ትብዓት ይኹን ሓቦ፡ ክብረት ይኹን ርዝነት
ትንኣስ ት ዕ በ ትምኒት ድላይ ዘማልኣት
ጸማኣ ክትሓፍስ ዕሸላት ዝዘርኣት፤

ኣፋኒዮሞም ደቆም ወለድቲ መሪቆም
መስገደል ክሰግሩ ጠሚዮም ዓሪቖም
ነጻነት ከምጹሎም ብሉጻቶም ወፊዮም
ስድራቤት ስዉኣት ሓበንዶ ክዓብዮም
ንሪኦም ኣሎና ብደዎም ተደርቢዮም
ጠለምቲ ሕድሪ መብጽዓኦም ኣብዮም፡

ነጻነት! ተበግሶኺ ምእላይ ኩሉ ግናይ
እቲ ትልምኺ ምብቋል ኩሉ ሰናይ
መሰል ማዕርነት ስራሕ ትምህርቲ
ማሕረስ ንግዲ ሰላም ዎ ሰናይ ክንሓፍስ ምህርቲ፡
ተዘይገዲዱ ኣይፈኾሰ ኣየልገሰ ወጽዓ
እንታትይ ትርጉሙ የዒንቲ እንዳነብዓ?